# ደምዳሚ መግለጺ ሓምሻይ ስሩዕ ኣኼባ ማእከላይ ኮሚቴ ዲሞክራስያዊ ምንቅስቓስ ሓርነት ኩናማ ኤርትራ (ዲምሓኩኤ)

ማእከላይ ኮሚቴ ዲሞክራሲያዊ ምንቅስቓስ ሓርነት ኩናማ ኤርትራ (ዲምሓኩኤ) ሓምሻይ ስሩዕ ኣኼብኡ ኣሰላሲሉ፡፡ ብፈጻሚት ቤት ጽሕፈት ዕለት 19/02/2014 ጀሚሩ ብፖለቲካዊ ቤት ምኽሪ ኩናማ ኤርትራ (ካብ 22/02/2014-23/02/2014) ብምቅጻል ሓምሻይ ስሩዕ ኣኼባ ማእከላይ ኮሚቴ ከኣ ካብ ዕለት 24/02/2014-25/02/2014 ኣብ ዘሰላሰሎ ኣኼባ ምስ ሓርነታዊ ቃልሲ ብሄረ ኩናማ ብምዝማድ፡ ዓለማውን፣ ቀርኒ ኣፍሪቃ፣ ፖሊቲካዊ ረስኒ ኤርትራን ኣብ ደምበ ተቓውሞ ዝረኣዩ ዘለው ምዕባሌታትን ወረድ ደይብ ብሰፊሑ ገምጊሙ፡

ዓለማዊ ኩነታት ኣብ ዝገምገሙ እዋን መንግስቲ ኣሜሪካ ኣብ ሕዳር (ኖቨምበር) 4/2014 ንብሄራዊ ውድብኡን ንቃልሲ ብሄረ ኩናማ ኣፍልጦ ምሃቡን፡ ኣብ ሕቡራት መንግስታት ኣሜሪካ ስርዓት ህግደፍን ሰዓብቱን ንቃልሲ ህዝቢ ኩናማን መሪሕ ውድብ ዲምሓኩኤ ዘይሽሙ ብምሃብን ብምጥቃዎም ኣብ ልዕሊ ኣባላት ውድብ ዝርኤ ዝነበረ ምሹቁራር ተወጊዱ ብርእሰ ምትእምማን ኣብ ጎኒ ውድብ ደው ንክብሉ ምሕጋዙን፡ ንብሄረ ኩናማ ኤርትራ ትምህርትን ቁጠባዊ ዓቕሙ ክብ ንምባል ንዝሃቦ ዕድል ማእከላይ ኮሚቴ ዲምሓኩኤ ንህዝብን መንግስቲ ሕቡራት መንግስታት ኣሜሪካ ምስጋንኡ ኣቕሪቡ፡፡ ፖሊቲካዊ ረስኒ ቀርኒ ኣፍሪቃ ኣብ ዝፍትሸሉ እዋን ከኣ ኣብ መንጎ የሕዋት ደቡብ ሱዳን ዝርኤ ዘሎ ሕድሕድ ህልቂት ብሰፊሕ ብምርኣይ፡ ነቲ ግርጭት ደው ንምባል ብሽምጋልነት ኢጋድ ዝገብሮ ዘሎ ጻዕሪ ምስጋንኡ ብምቅራብ ክልቲኦም ተናሕናሕቲ የሕዋትን ወገናት ናብ ልቦም ተመሊሶም ጉዳያቶም ብሰላማዊ መንገዲ ንክፈትሑ ማእከላይ ኮሚቴ ዲምሓኩኤ ትምኒቱ ገሊጹ፡፡ ወሽጣዊ ኩነታት ኤርትራ ኣብ ዝፍተሸሉ እዋን ከኣ ስርዓት ህግደፍ ሳዕሪሩ ንህዝቢ ኤርትራ ንሓዋሩ ናብ ባርነት ንክእተወና ዓንዲ ሕቆ ኮይኖምን ብስቅያት ህዝቢ ኤርትራ ዝጣልዑ ዘለው እሞ ኣብ ስደት ዝርከቡ ደገፍቲ ህግደፍ ብሙሉኦም ናብ ልቦም ንክምለሱን ኣብ ጎኒ ህዝቦምን ናይ ለውጢ ንፋስን ሓይሊታት ደው ንክብሉ ጸዊዑ፡፡

ኣብ ደንበ ተቓውሞ ኤርትራ ዝተረኣዩን ዝረኣዩ ዘለው ዘይቅየር ደልሃመት ብምእላይ ሓዲሽ ፖለቲካዊ ጽላል ንምምስራት ካብ ዕለት 31/1/2014-04/02/2014 ብደረጃ ሞርሕነት ፖለቲካዊ ሓይሊታት ዝተኻየደ መድረኽ፡ ዲምሓኩኤ ብኣካል ዝተሳተፈ ኮይኑ፡ ነቲ ጽላል ንምምስራት ነቲ ቅድሚ ሕጂ ኣብ ውድብ ዝወሰዱዎ ዘይዲሞክራያዊ ስጉምቲ ብልዙብን ብእንካን ሃባን ማስርሕ ርዝነት ውድብን እምነትን መትከልን ዕላምኡን ከይተሸራረፈ ፍታሕ ምርካቡ ይበል ዘብል ከም ዝኾነ ማዕከላዊ ኮሚቴ ዲምሓኩኤ ኣነጺሩ፡፡ ኣብዚ ማስርሕ ንሓድነት ደንበ ተቓውሞ ኤርትራ ንምርግጋጽ ከይተሓለሉ ንዝጸዓሩ ኣቦ መንበራት ውድባት ኣማስጊኑ፡፡ ይኹንምበር ዘይተባህለ ዝጽሕፉን ዘይተጻሕፈ ንምንባብ ዝህንደዱ ዘረግቲ ሞርበባትን ሓለፍቶምን ኣብ ዝተፈላለዩን ብዝተፈላለዩ ቋንቋታት ዝጸሓፍ ዘሎ ዘይሓላፍነታዊ ጽሑፋትን "ዲምሓኩኤ ናብቲ ቅድሚ ሕጂ ዝነበሮ "ኪዳን/ግንባር" ወይ ከኣ ናብቲ ሓድሽ ጽላል ንክምለስን ንክኣቱ ይቅረታ ሓቲቱ ንዝብሉ በላ በሎታት ውድብ እዝኒ ከም ዘይህብ ማላእ ህዝቢ ኤርትራን ተቃለስቲ ብጾት ንክርድኡልና ውድብ ብምዝኽኻር ዲምሓኩኤ ሎሚ ዝተዛረቦ ጽባሕ ዝደግም ውድብ ከም ዝኾነ ማላእ ብሄር ኩናማን ህዝቢ ኤርትራን ዝፈልጡዎ ሓቂ ስለዝኾነ ብኣፎም ማዓርን ሽኾር ተዛሪቦም፡ ኣብ ስራሕ ዓንደል ዕረን ጸረ ሓድነት ዝኾነ መደባቶም ንዝፍጽሙ በተንቲ ሞርበባትን ተሓቢኦም ብብዕር ሽም ንዝጽሕፉ ውልቀሰባት ዝወሃብ ግብረ መልሲታት (ዲምሓኩኤ) ብዓንተብኡ ዝሰገሮን ድሕር ከይዲ ምኻኑ ንክግንዘቡዎንን ንካልኣይ ግዜ ናብ ሓሸወየ ከም ዘይኣቱ ኣሚኑ፡፡ መሪሕ ውድብ ዲምሓኩኤ ካብ ዕላማኡን ዝወሰዶ ሞገጽ ሓንቲ ስድሪ ፍንትት ከምዘይብልን ዝሓዞ ሞገጽ ከምዘይቀይር ጸላእትን መሓዙትን ከም ዝፈልጡዎ ማእከላይ ኮሚቴ ኮነ ፖለቲካዊ ቤት ምኽሪ ኩናማ ኤርትራ ደጊሞም ኣረጋጊጾም፡፡

ብሄረ ኩናማ ኤርትራ ብመሪሕነት ዲምሓኩኤ ሓርነቱ ንምርግጋጽ ከቢድ ማስዋእቲ ኣብ ዝኸፍለሉ መድረኽ ስርዓት ህግደፍ ከኣ ነዚ ፍትሓዊ ቃልሲ ንምብርዓንን ብሄር ኩናማ ንምጽናት ሓድሽቲ

መደባት ብምሕንጻጽ ብዙሕ እንተፈተነ ወን ክሳብ ሎም ለይቲ ብፍሽለት ይዛዘመማበር እቲ ውዲት ደው ኢሉ ከም ዘይፍለጥ ሚሕነት ወድብ ገምጊሙ፡ ድሕሪ ብዙሕ ፈተነን ፍሽለትን ድሕረትን ባህላዊ ዝንባለታትን ልምዲታት ብምጥቃም ሓድነት ብሄር ኩናማ ንምብታን ሓድሽ መደብ ኣወጺኡ ኣብ መደበር ስደተኛታትን ኣብ ዲያስፖራ ውሪያ ኢሉ ተታሒዙዎ ኣሎ፡፡ ኣብ መንጎ ህዝቢ ኩናማ ጽልኢ ሰፊኑ ነንሕድሕዶም ንክተሃላለቁ ናይ ክፍኣት ሚርዚ ብምንዛሕ ክሳብ ናይ ኢግዝኣብሔር ሰላምታ ንከይህሉ ብዑሰባቱን ተለኣኣኽቱ ንምፍጻም ይህንደድ ከም ዘሎ ብደረጃ ፖለቲካዊ ቤት ምኽሪ ኩናማ ኤርትራ ገምጊሙ፡ ነዚ ውዲት ንምፍሻል ብደረጃ ፖለቲካዊ ቤት ምኽሪ (120 ሚሕነት ዘሎዎ ኣካል) ተመያይጡ ሰለስተ ወሳኔ የሕሊፉ፡፡

1. ዲሞክራሲያዊ ምንቅስቓስ ሓርነት ኩናማ ኤርትራ (ዲምሓኩኤ) ኣብ ሕገ ህንጻኡ ኮነ ኣብ ፖለቲካዊ ፕሮግራሙ፡ ክዕቀቡ ዝግብኦም ባህሊታት ብምዕቃብ ነቶም ዱሑር ባህሊ ከኣ ናይ ምእላይ መደብ ሓንጺጹ ምስ ሓርነታዊ ቃልሲ ጎኒ ጎኒ ኣብ ዝቃለሰሉም ዘሎ እዋን ኣብ ኣካዳሚያዊን ፖለቲካዊ መዳያት ዘሎ ጎደሎን ነቃዕን ብምምዝማዝ ሓድነትን ናይ ቃልሲ ማስርሕ ብሄር ኩናማ ይዕንቅፍ ምህላው ብምግንዛብ ነዚ ሓደጋ ኣብ ሓጺር እዋን ንምእላይ ኣብ ፖለቲካዊ ትምህርቲ ልዑል ጻዕርን ጠመት ንክህብ ወሲኑ፣
2. ሓድነት ብሔር ኩናማ ዝብትኑ ድሑር ባህሊታት ንምውጋድ ተባሂሎ ዝተፈጠሩ ባህላዊ መድረኻት ሰብኣወን ዲሞክራሲያወን ጉጅላዊ ማሳላት ኣባላት ብሄር ኩናማ ይትንክፍ ስለዘሎ ንከምዚ ዝኣማስሉ ባህላዊ መድረኻት ናብ ዘሜናወን ሕጋዊ መድረኻት ንምቅያር ከም ዝቃለስ ወሲኑ፣Kona naudima sawarowa kutu.
3. ካብቶም ዝተገልጹ ዘይዲሞክራሲያዊ መድረኻት ዝዋሃብ ዘሎ ዘይዲሞክራሲያዊን ድሑር ባህላዊ ብይንን ፍጻሜ ንከይረኽቡን ንክቃለሶምን ፖሊቲካዊ ቤት ምኽሪ ኩናማ ኤርትራል ብሙሉእ ድምጺ ኣጽዲቁ፡፡

ብተወሳኺ ኣባል ውድብን ዘይተማህረ ሰፊሕ ክፋል ሕብረተሰብ ኩናማ ፖለቲካዊ ንቅሓቱ ክብ ብምባል ሓርነታዊ ቃልሱ ንምዕዋትን ንሓድነት ብሄረ ኩናማ ዋሕስ ንክኾውን ፖለቲካዊ መጽሓፍቲ ብምድላው ንህዝብን ተጋደልቲ ብዘቅርቦ ዝነበረ ማስርሕ ማሪት "ዘይተማህረ ሰፊሕ ክፋል ሕብረተሰብናን እቲ ውሑድ ዝተማህረ ክፋልን ብምትሕብባር ሓርነታዊ ነጻነት ነረጋግጽ" ኣብ ትሕቲ ዝብል ጭርሖ ዝተዳለወ ፖለቲካዊ መጽሓፉ ቁጽሪ 17፡ ንፖለቲካዊ ቤት ምኽሪ ኩናማ ኤርትራን ማእከላይ ኮሚቴን ቀሪቡ ምይይጥ ምስ ተገብረሉ፡ ናብ ህዝብን ተጋደልትን ንክወርድ ወሳኔ ሂቡ፡፡ ኣብ መጨረሻ ብፖለቲካዊ ቤት ምኽሪ ኩናማ ኤርትራን ማክኣላይ ኮሚቴ ዲምሓኩኤ ኣብ ሓጺር እዋን ዝዕመሙ ህጹጽ ናይ ስራሕ መደባት ብምሕንጻጽ ኣኼብኡ ዛዚሙ፡፡ ንመላእ ህዝቢታት ኤርትራን ኩናማን ዓወትን ኣሳልጦን ተመኒዩ፡፡ ንህዝቢን መንግስቲ እትዮጲያ ከኣ ማስጋንኡ ኣቅሪቡ፡፡

**"ዘይተማህረ ሰፊሕ ክፋል ሕብረተሰብ ኩናማን ዝተማህረ ውሑድን ብምትሕብባር ሓርነትና ነረጋግጽ"**

**መትከላት ዲምሓኩኤ ንዘልኣለም ክዕንብቡ እዮም!!**

**ለካቲት 26-2014**